ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፅሕፈት መሳርሒ ክዕድግ ስለዝደለየ በዚ ስራሕ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለኩም ተወዳደርቲ ክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥሪ 5, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 15, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 15, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፅሕፈት መሳርሒ ክዕድግ ስለዝደለየ በዚ ስራሕ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለኩም ተወዳደርቲ ክትወዳደሩ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ

1. ናይ 2017 ግብሪ ዝኸፈሉን ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን፣ በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይ መፍለይ ቁፅሪ

/Tin umber/፣ ናይ መቕረባይ ምስክር ወረቐት መረጋገፂ ዘቕርብ፣ VAT ተመዝጋቢ ዝኾነ ድማ ሻት ዲክሌር ዝገበረሉ ዘቕርብ።

2. በዚ መሰረት ዝተዳለወ ዝርዝር ኣቁሑ ካብ ቢሮና ክፍሊ ዕደጋ ቢሮ ቁፅሪ 110 ካብ ዕለት 05/05/2017 ዓ.ም ጀሚሩ 50 ቅርሺ ብምኽፋል ምውሳድ ይካኣል።

3. ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 3000 /ሰለስተ ሺሕ ብር ብሲፒኦ /CPO/ወይ ብስርቲፋይድ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝኽእል /ትኽእል)።

4. እቲ ጨረታ ዕለት 05/05/2017 ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 15/05/2017 ስዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ይዕፀዉ ።

5, ጨረታ ዕለት 15/05/2017 ሰዓት 4:00 አብ ቅድሚ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪላቶም አብ ዘለዉዎ አብ ቢሮ ቁፅሪ 109 ይኸፈት ።

6. ነቲ ንብረት ኣብ ውሽጢ 10 ተኽታተልቲ መዓልቲ ክረክብ ዝክእል።

7. ቢሮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝን፣ እቲ ንብረት አድላይ ኾይኑ እንተተረኺቡ 20% ናይ ምዉሳኽን ናይ ምቕናስን መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

8. ተጫረቲ ሰነድኹም ንጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ኦርጅናልን ኮፒን ፈላሊኹም ንክተእትው ንሕብር።

9. ኣድራሻና ከባቢ ጥዕና ጣብያ መቐለ ፊትንፊት ፎቶደስታ ዝርከብ ህንፃ ኣብርሃም ደስታ ቀደማይ ደብሪ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 09-14-76-94-50 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle